# <u>ካብዝን....ካብትን</u>

ካልኣይ ክፋል

Mekonen Anteray

ከመይ ኣሎና ደቂ ኤረ? ብሕቶ ምጅማር ጽቡቕ ኢዩ። ኣብ ባህልና መጀመርያ ትመጽእ ፍለጦ ኣይትፍለጦ ኩነታቱ ኢኻ ትሓትት። ከም ሳዓቱን ግዜኡን ድማ ትብሎ። ንጉሆ ከመይ ሓዲርካ? ቀትሪ ከመይ ውዒልካ። ምሸት ከመይ ኣምሲኻ ትበሃሃል። ከመይ ኣርፊድኩም'ውን ኣመንጎ ጎረባብቲ ይዝውተር እዩ።

ብሕቶ እንተ ጀሚርካ እቲ ዝተሓተ ነቲ ሕቶ ክምልስ ዝህቦ ሓበሬታ ትርጉም ሰለ ዘለዎ እዩ። ጽቡቅ ዘሎ ኣምላኹን መንግስቱ የመስግን። ጉድለት ዘለዎ ድማ ርእሱ ሓኸፍሓኸፍ እናበለ ቊርምሪም ይብል። ኣይጣዓኻን ዲኻ ዝስዕብ ሕቶ ይኸውን።

ትፈልጦ ሰብ ተኾይኑ፡ ክላ ሎሚ ለይቲ ኣይ'ተሓደር እየ ዝሓደርክዎ ኢሉ ጀሚሩ፡ ነቲ ድቃስ ኣስኢንዎ ዝሓደረ ይነግረካ፡ ስዓል 'ትኽቲኽ' ከተብለኒ ሓዲራ ይብል። ዘይትፈልጦ ሓላፍ መገዲ እውን ከምዝመስሎን ብዝመስሎን ሓበሬታ ይህብን የመሓላልፍን እዩ።

## <u>እዚ "ሂም" ክብል ዝሓደረ</u>......

ረሲዕናዮ ድኣ ኢና እምበር፡ ዘሎናዮ ግዜ ካኣ፡ እቶም ንሱስ ይቀበር ዝብሉ ይስዕርሩ ከይህልዉ ዘሰክፍ ኮይኑ ኣሎ'ምበር፡ ከም ኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣብቲ ዝሓለፍናዮ ጸልማት ግዜ እቲ ዝተሓተተ ሰብ፡ እዋእ እዚ ሂም ኪብል ዝሓደረ ኣይሰማዕክሞን ዲኹም? ንሕና ድኣ ድቃስ ዘይብልና፡ ከብድና ሓቑፍና እንዲና ሓዲርና፡ ይምልስ።

ኣስዒቡ እዛ ለይቲ ንእርሳ ኢላ ወጊሓ። ነገር ናይ ወላዲ/ሓው/ዘመድ/በተሰብ/፡ ልዕሊ ኩሉ ነገር ሃገር ኮይንዎ፡ እዞም ደቂ ሎሚ ተሪፎም'ዶ ክኾኑ ኢልክሞም እኹም? ይሻቀል። እንተ ንሕና'ሞ እብ ዕጨ-ግዳም ኣዋዕሎ። ክንብል ዘይጸዋዕናዮም መላእኽቲ ኣይተረፉን፡ እዝግዮ ክንብል ኢና፡ ኣውጊሕናያ ክብል ይምልስ። እቲ ብርሕቕ ዝመጸን ዘይሰምዐ ዝጸንሓ ብዝመስሎን ከምዝመስሎን ይምልእ። ኣብ ቀራና መንገዲ እንተተራኺቦም ወይ ናናብ ዋኒኖም ይፈላለዩ ወይ ጉዕዞኦም ናብ ሓደ ኣንፈት እንተኾይኑ ብሓደ ውጃዕ እናበሉ ይቕጽሉ።

እዋእ እቲ መንእሰይ ክኣ ኣሓውቱን መዘንኡን ሃገር ናጻ ከውጽኡ ብጥይት እንዳተጸራገፉ ኣብ ጎኖም ዝይምህላው የስተንትንን፡ ክስዕቦም ምኳኑ ምስ ነብሱ ቃል ይእቱን ነበረ። ኣቤት ሰብ ግናይ ነዚ እኳ ዋዛ እናምሰሉን እናቃለሉን ረስዕዎ ክብሉና ውግሓጽብሓ ንኣእዛና ኣጽሚመሞ ጸኒሖም።

ሎሚ ነቲ ማይ ኣይሂ ዘጸሓየ ገድሊ ዓው ኢሎም "ገድሊ ሽፋቱ" ኢሎምዎ። ነቶም ኣሕዋትኩም ረስዕዎም ይብሉና። ምስቶም ሰብ ደምና ክኣ ሕደ ኢና፡ ደምና ኮንቱ ክገብርዎን፡ ጌጋ'ዩ ነይሩ ብዘስምዕን፡ ከም ዕጥሮ ሸሮ ብዙሑል ማይ በቲ ዘይተሓጸበ ኢዶም ኣቓምጢዕምን ኣዳዊሶምን ክሓዋውሱና ይፍትኑ። ትማሊ ሸውዓተ ቀመማት ጎዲልዎ ኢሎምናስ፡ ሎሚ ንሱስ ኣየድልን እዩ፡ ይብሉና። መእሰሪ ዘይብሉ ዘረባ ወይ ዘደንጹ ክሰምዕ ከሎ ዓጀብ! ይብል ነበረ ኣቦይ መንግስቱ። ዓጀብ! ኢልካ ዝሕለፍ ተዝኸውን'ዶ ጸሊእኩም ሰራውር ዘለዎ እኮ እዩ።

እቲ ዝቀረበ ኣብ ዕድሜኹም ትማሊን ገና ሕጂ እዩ ዝኸውን ዘሎ። እቲ ሕሉፍ ካኣ ልዕሊ 25 ዓመታት ኣሕሊፋ'ኳ እንተኾነ፡ ርግጸኛ እየ ብጃካ'ቶም ግናያት ገዲፊካ ሕጂ ኮይኑ ዝስምዖምሲ ብዙሓት እዮም። ከመይ ኣቢልናሞ ክንርስዖ? ዘረስዕ'ዶ ይገብሩና ኣለዉ እዮም። እኳዳኣ ክንሕርን ይግብኣና። እንትኾነ ቆራዲድንን ዓለቀትን ጌርናስ ጸዊትና ከይንህሉ ዘሰክፍ ኢዩ። እቶም ዶካትር ካኣ ክታበት ከይገብሩልና ከኒቦም። ኣጸቢቕና ምስ ሓመምናን ምስ ተኻኣልናን ክንፍውሰኩም ክብሉ'ዮም። ዝያዳ ዘርበሖም ንሱን ኣብ ከምኡን ምስበጻሕና ስለዝኾነ። ንሕጂ ግን ትም ታሓጉሶም።

ሰለዚ ኣብቲ ቀራና መንገዲ ክትብጽሑ ከለኹምሲ ዝያዳ'ድኣ ኣስተባህሉ። እቶም ዕላል ዝፈትዉ ድሓን በታ ዓዲ እገለ ከላግስ ኢሎም ምእንቲ ዕላልን ወረን ወይ ውን መኻይዲ ስለዝረኽቡ መገዲ የንውሑ። እቶም ሰብ ዕላማ በታ ተዋጽኦም ትሰልጦምን ትጥዕሞምን ስለይ ይብሉ። ውሑዳት እንስሳ ካኣ ምስዘይ ኣሕዋተን ተገሪዘን ይጠፍኣ። ኩሉ ኣብ ቀራና መንገዲ ምስ በጽሔ ድንግርግር እዩ ዝብሎ። ሰልዝኾነ ምስ ዝረኸብናዮ ተገሪዝና ከይንኸይድ ዝያዳ ምስትውዓል ከድልየና እዩ።

እቶም ሊቃውንቲ ክሳብ ድንግርግር ንብል ኣድብዮም ይጽበዩና ኣለዉ። ድሓር ድኣ ወይ ባዕላትና ርድኡና ክንብሎም ወይ ፈጠርቲ ፍታሕ መሲሎም ክመጹ እባ። ሽዑ ሃገራዊ ዕርቂ ይጽውዑ። እንታይ ብኣሲ ኣሎና? መንዩ ምስ መን'ዩ ተባኢሱ?። ኣውራጃ ምስ ኣውራጃ? ሃይማኖት ምስ ሃይማኖት? ኣበይ ተባኢስና? መኣስ ተባኢስና? እንታይ ኢዩ'ኸ መባኣሲና? ሕልሚ'ዩ! ሕልሚ ብሕልሙ እኳ ሕልሚ ቀትሪ!

# <u>ከይትታለሉ ሓደራ!</u>

እዞም ኣናብስ ጉብጥሽን፡ ኣርሑት ኢንተርነትን ከኣ እታ ምልክት ጽንዓቱ ህላውነቱን ኣርማን ባንዴራን እና'ንደዱ በጺሐሞ ዘለዉ ጫፍ ድፍረት ተዓዚብናዮ። ነቲ ካብ ከብዳ ዘውጸኤቶን፡ ንስለስተ ዓመታት ኣብዝባና ዝሓዘለቶን፡ ተኸናኺና ናብ ዕደመ-ኣዳም ዘብጸሕቶ ውላዳ ኣይትፈልጥዮን እምበር ሸፍታ እዩ ነይሩ ተባሂላ። እዞም ዘይሓፍሩ ዕሉላት ኣንድነታውያንን፡ ኮራኩር ወያነን ዳርጋ ዘፍ ኢሎም እናበልናስ፡ ለካ ሓዱሽ ስም ሒዞምን ብኹሊት ክጉጥዩ ኢዮም ተበጊሶም፡ ነቲ ብኽንደይ መስዋእቲ ዝህዳእናዮን ዘጽርናዮን፡ ሓደ ልቢ ንምምቃል፡

ሓዱሽን ኣብ ነንሕድሕድ ምጥርጣራት ዝኹስኹስን ንምትእትታው፡ ክሳብ መኣስ ምኳኖም እንድዒ ማይ ዘይጣዓመ ኣጀንዳ ሒዞም፡ ዓንገረር ይብሉ ኣለዉ። እዚ'ውን ተሰጊሩ ኢዩ።

ሰብ ድዩ ኣቀዲሙ ተፈጢሩስ ወይ ሃማኖት? ኢልካ ሓቲትካ መልሲ ምስ ረኸብካን እቶም ኢሳያስ ዝሰርሖም 9 ብሄራት ድኣ ካበይ'ኮን ፈሊሶም ይኾኑ? እቶም ደቀባት ኣይኮኑን ዝበሃሉ ዘለዉስ ኣብዚ ኣይናትኩምን ዝበሃል ዘሎ ቦታታት በየንን ብኸመይን መኣስን ድኣ ነጢቦም? ነዚኣቶም ከምዚኣቶምን ክሰምዑ ዝሓድሩ ብኣሻሓት ኣለው ክብሉኻን ክትርእን ክሳብ ክንደይ ዝተደናገሩን ኣተሓሳስበኦምን ናይ ምምዝዛን ዓቕሞም ብትዕትዕ ኢሉ ከምዘሎ ዝእምት ድማ ኢዩ።

ኣቱም ሰባት ጌጋታት ክንርኢ እንኮሎና ንበድሃዮ፡ ንግጠሞ። መስልና ዝደፍሩን ንህላዌና ዝፈታትኑን፡ ክፈላልዩ ዝጽዕሩን ክንከታተሎም ዓመታት ክይኑን ንዒቕናዮምን ጸኒሕና። ከምኡ ምግባር ጽቡቕ እንድዩ፡ ምልክት ውርዝናን ልቦናን ፖለቲካዊ ብስለትንውን እዩ። ኣመና ክበዝሕን ንቀጻሊ ወለዶ ዝፈታትንን፡ ዶብ ክሓልፍንሲ ከነፍቅድ የብልናን።

እቲ ዝኸፍኤ ድማ ነቲ ግዜኦም ሰዊኦም ምስመፆም ከይኣክል፡ ገንዘብ ክኽፍልሉ ይዕደሙን ይጽውዑን ኣለዉ። እንቱም ህዝቢ ሰብ ሓያል እዩ፡ እቲ ኩሉ ዝኻኣሎ ኣባ ጅጎ ብምስሉ ጌሩ ኢዩ ፈጢሩና 'ዶ ኣይተበሃልናን። ከመይ ድኣ ኩሉ 'ኣፈ ዘጽረየ' ከታልለናን ሸሸይ ክብሉልናን ነፍቕድ። ሰለ'ዝጊሄር ኢለኩም ድኻታት ስድራኹም ሓግዝሉ።

እቶም ንባዐሎም ሸፋቱ እንተርነት፡ ብትዕቢት ጉልባቦም ቀሊዕም ክብሪ እቶም ጀጋኑና ክዝልፉ፡ ከመይ ዝበለ ደፋር ጋኔን ተጻዒንዎም ከምዘሎን፡ ኣብዚ ህዝቢ ዘለዎም ንዕቀትን ደረት ሓሊፉ ከምዘሎ ዘነጽር ብዙሕ ስሚዕና። መሰል ምዝራብን ምጽሓፍን'ውን ብሕጊ ከምዝቕየድን ደረት ከምዘልዎን ዝረስዑ፡ ቀጥዕን ሕጊ ኣልቦ ድፍረትን ዋጋ ዝኸፈሎ ምኹኑ ግን ክዝንግዑ ኣይግባእን። ክነዘኻኽሮም ድማ ናይ ኩላትና ሓላፍነት ኢዩ።

እቲ ኣዚዩ ዘደንጹ ካኣ፡ እቶም ብጀካ ኢሰያስን/ህግደፍ ካልእ ጸላኢ ዘይብሎም፡ ንነብሶም ላህመት ሃገር ዘጠመቁ፡ በዓል "ደቺ ካርታ ነበር" መሰልቶምን እዚ ኩሉ ዘለፋታት ኣብ ደንቢኦም እናሰምዑ ብጽጽ ክብሉ ኣይደፈሩን። ገለ'ውን ሸሞም እናለዋወጡ ጸልማት ተኸዲኖም ከጣቕዕሎምን ኣገንዑ ክብልዎምን ስሚዕና ኢና። ኣብ መንግስቲ ዘለዎም ቅንኢ ስልጣን መባድልቲ እታ ዝተሓተት ክብሪ ገዛእርእሶም ክገብሩ ክምዝኽእሉን፡ ወትሩ ቅሩባት ምንባሮምን ምህላዎምን እውን ኣብዘን ዝሓለፋ 16 ዓመታት ንኩሉ በሪሂሉ ኣሎ።

# <u>ፍርሂ -  ዘየሎ ምስሊ'ዩ ዘርኢ</u>

እንተኾነ ዘይ ካብ ቀደሙስ ወስ ክትብል'ዮም ዘተባብዑን፡ ዝደፍኡን ዝግዕሩን እምበር በየናይ 'ድፍረቶም' ወስ ክብሉ። ኣኽቢደሎም'ዶ? ኣይመስለንን። ደፊረዮም?  ምናልባሽ። ግን ብረት ምስካም ወይ ጥይት ምትኳስ ድፍረት ዝቑጸር እንተነይሩ ተሰኪሞም ወይ ተኲሶም ይነብሩ

እዮም። እንታይ ዓይነት ብረት ተሰኪምካ ናብ ምንታይ ዕላማ ተኩሲካ፡ እቲ ምትኳስ መዓስ ናብ መንን ግን ይፈለለ። ሽፍታ'ውን እኮ ይትኩስን ብረት ተሰኪሙ ኢዩ ዝኸትር። እቶም ደፋራት ሽፋቱ ግን 'ጃለ' ብበትሪ ዝኸትሩስ ነይሮም እዮም።

ወዲ ሰብ ኣብ እእምሮኡ ዝቖርጾ ነገራት ንምልጋሶም ይኸብዶ እዩ። ብፍላይ ካብ ፍርሒ ዝተላዕለ ምስዝኸውን'ሞ እቲ ትፈርሖ ነገር ኣብ ቅድሜኻ ኩድጭ ኢሉ ዘሎ እዩ ዝመስለካ። ሽዑ ዋላ ካብ ጽላሎትካ ክትብርግግ ትጅምር። ስለዝኾነ ከኣ እዩ፡ ሽፍታ ብረት ሒዙ ጥራሕ እዩ ዝኸትር ኢልካ ስለ ዝኣመንካ እቲ ዱላ ወይ በትሪ፡ ሓጺን ወይ ብረት ኮይኑ ይረኣየካ። ከብዲ ተቖጢና እኮ እያ።

ነዚ ከኣ ኢዮም ሎሚ ሓደ ሰብ "ፍሉይ ፍጥረት'ዩ" ኢሎም ንገዛእርእሶም ኣእሚኖምን ንኽንኣምኖም እመኑና ዝብሉናን። ወትሩ ስለ ዝንገረና ካኣ ምኺን ድኣ ኣብይዎም እምበር ግደፍ ክንዛረብ፡ ክንርእዮ እንከሎና፡ ከብድና ሕቡጭቡጭ ክበለና ዝጉስጉሱ።

እንተዝኾነሎምሲ ዋላ ኣብ ቲቪ ክርእይዎ ዝርዕዱስ ክህልዉ እዮም ትምኒቶም። ለካስ አእምሮ ምስተዓንደ ዓይኒ ብኣንጻር እቲ ሓቂ የርእያኻ እየን። ሎሚ ከኣ ዝከፍኤ ምቾት ተለሚዱ። ካብ ሶፋን ብእንተርነትን ትእዛዝ። ትእዛዛት ንምብታንን ንምዝራግን። ገዛእርእስኻ ንምብራኻን ንምትዕብባይን። በዚ ኣነን ንሳቶም ኣጸቢቕና ኢና ንረዳዳእ። ሓሓፊሶም ከፋንዉ ከምዘይነበሩ ተሞኹልዮም ናብ ዝጥዕሞም ከይዶምሲ፡ "ሓደ ሰብእይ ተሳኢኑ" ክብሉ'ኳ ዘሕፍሮም ኣይኮነን።

ኩሉ በረኻ ዝወፈረ ፍጹም ኣይነበረን። ነቶም ዘሓለፉ ዝውክል ኣይኮነን። ከመይሲ እቲ ግብኡ ዝፈጸም ፍጹም እዩ። እቲ ህልው ግን ኣብ ጉዕዞ እዩ ነይሩ። ኣብ ጉዕዞ ድማ ክንደይ መካልፍ ኣሎን ነይሩን። ደኺምካ ምልጋስ ነይሩን ኣሎን። ኣመኽኒኻን፡ ኮሪኻን፡ ሓርቒካን፡ ተሓራሪቕካን፡ መንጪትካን'ውን። ሕጂ ግን ሃገር ዘሚትካ ኢዩ ኮይኑ። እንተኾነ ከደዓዕሱና ከይሳዕረረ ንበሎ ይብሉና። ብኢሱን ገዲዱ እንከሎን።

ተመሳጊንካ ምኽድ ዚብልዎ'ውን እኮ ኣሎ። እቶም በይኖም ከም ዝደለይዎ ክምንጭቱ ዘንቀዱ፡ ኪዱልና እንዶ ኣይትበጽብጹና፡ እዛ ዶብ እዛ ትርእያ ዘሎኻ ዓባይ ገረብ እኮ'ያ ዘላ! ምስተበሃልካ ብዘይልብኻ ከይሓሰብካዮን ንቅድሜኻ፡ እግርኻ ናብ ዝመርሓካ ሃጽ ኢልካ ትገድፈሎም። ብኣቑራጭ ምጥያስን ብዘይ ቪዛ መገሻን ይብሃል።

ምስኣታቶም ምንባር እንተኸሊኦሙኻ፡ ምህልውካ ንምቾቶም ዝጻረር ዝመስሎምን እንትኾይኑን፡ ዓቕልኻ ምስተጸንቀቐን እንታይ ክትገብር። ሓንቲ ምርጫ ጥራይ እያ ትተርፈካ። እቲ ዝገድፉልካ እንኮ ምርጫ ምስወሰድካ፡ ንሳቶም፡ እቶም ሰብ ዕላማ ገዛ ገፊሕሎም፡ ከምድላዮም ጥንቅላዕላዕ ይብልሉ። ኣጣጢሖም ቁራብሽኦም መሊኦምን ዘሚቶምን ኣብ ዝጠዓሞምን ብዝጠዓሞምን ይምርቀፉ። ዝሕተትሉ ግዜ ርሑቕ ከምዘይኮነ ኣዐርዮም'ዮም ዝፈልጡ። ንግዜኡ ግን ነገራት ኣይንዓኻ ኣይንኣኣቶም ይኸውን። ንሳቶም እቲ ቀዳማይ ዕላማኦም ወቒዖም እዮም።

እቲ ዕላማ ሕንፍሽፍሽ ንምፍጣር እኮ እዩ። ድሕሪኡ ተጣዒሰ በል ኢኻ ትበሃል። ዋይ ሓወይ!

ክሳብ ክንደየናይ ትብዓት ይንበርካ ምስቲ ብኸመይን ኣበይን ብዘየገድስ ግቡእ ዝፈጸመን ዝፍጽም ዘሎን ፍልልይ ኣሎካ ይብሉኻ። ባዕሎም ከይተፈለጠካ ደፋፊኦም ጌጋ ፈጺምካ ብማለት ብፍጹም ቅላዕ፡ ኣብ ጎል ኣእትዮሙኻ። ዳኛ ባዕላቶም፡ እታ ሰብእነትካ ምስ ኣሕደጉኻን፡ ንሳቶም ሳዓርቲን - ሓርበኛታት፡ ንስኻ ተሰዓርን ሃዳምን ከዳዕን። ንሳኻ ግን ኩሉ ከም ቀደሙ ዘሎ ይመስለካ። ኣቤት ሓጥያት ገመል ዘይትስከሞ! ነዚ ከኣ እየ ንሳቶምሲ፡ እቶም ካድረታት ክርድኡኒ ኣይጸግሞምን እዩ፡ ዝብል ዘለኹ።

## <u>ውሑዳትን ርቡሓትን'ዶ ወይስ ብዙሓትን ርቡሓትን</u>

እዛ ዝሓለፈት ዓመት፡ ከምቲ ልሙድ እቶም ንፉዓት እንተ ብውልቂ እንተ ብሓባር ብዙሕ ኣሰላሲሎም ይኾኑ። ብወገን ፖለቲካ'ውን ብዙሕ ሕምብሊል ዝነበራ ዓመት እያ። ደደንበና ሒዝና እስከ ትሓልፋ ዝነበራ ዓመት።

ሰባት ስለዝኮና ከም ዝደለናን ከምዝጥዕመናን ከምርድኢትናን ከከምዓቕምናን ከከምሕልምናን ክንግምግማ ከኣ መሰልናን ተኽእሎናን እዩ። እቲ ውጽኢት ዝግምገም ወይ ዝፍረድ ግን ብር ምስበልና፡ ኣብ ባይታ ከመይ ይመስልን እንታይ ይጸንሓናን እዩ። እምበር ቃላት ስልዝተደርደረን ስለዝለፍለፍካን ትርጉም የብሉን።

በዚ መንጽር ኣብ ዓመተ 2016 ብዙሕ ጋዕገልጠማትን ፍጻሜታት ተኸሲቶም እዮም። ገለ ተጀሚሮም ዝነበሩ ተፈጺሞም ገለ ተፋሪቖም ገለውን ተጀሚሮም ክኾኑ ግደን እዩ። ገለ ክኣ ዘፍ ኢሎም ደኺሞም። ኣብ ገለ ሓደስትን ምስ ሓዱሽ ክፍእትን ዌቭሳይታትን'ወን በቝሎም። ብቝሎም ድኣ ብቝሊ ኣካሒዳ ይግበረልና እምበር። ኣብቲ ብዝያዳ ነዚ ናይ ሕጂ ዝምልከት ምስነተኩር ከኣ እዛ ዓመት ኣገደስቲ ሰባት ሒዛ እያ ሓሊፋ።

ብዙሓት ወሲኺና ክንከውን ካኣ ግድን እዩ። ኣይትርብሑ እምበር ኣይትብዙሑ ኣይመርገምን ዲ'ዮም ዝብሉ። ውሑዳትን ርቡሓትን ምኺናስ ኣረጋጊጽናን፡ ኣቀድም ኣቢልና ተነጊርናን ኢና። እንተኾነ ብቢሓደ ዝጠልሙን፡ ከምቲ ኣብ ላዒሊ ዝበልክዎ ብዘይሓሰብዎ፡ ወይ ካኣ እንተስ ብኩነታት፡ እንተስ ብኣዕርኹቶም፡ እንተስ ኣዴታቶም ወርቀን ሸይጠን እንተስ ፈቖዶ መርዓን ተስካርን ተቀሊተን፡ እንተስ ቤተሰቦም ካብ ማዕዶ ዶላራት ሊኢኾም፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ምጉዳልሲ ኣይተረፈን። እቲ ባሕሪ ድማ ክዘርየና ዝተሰማመዐ ክመስል ደም ምጽጋብ ኣብዩ ንዕዘብ ኣሎና።

እቲ ዝኸፍኤ ክኣ የማነ-ጸጋምና ብዘለው ጉሓሉን ናይ ውሽጢ ኣምሰልትን ተሻሪኾም፡ ብሸንቶም ክወስዱና ዝኽእሉ ተኸቢብና ኢናሞ፡ ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ማንታ ማንታ ክንወልድ ተኺእልናስ ጽቡቕ ኢዩ። ካልእድኣ ዘይልዕሊ ዓቅምና እዩ።

ቁሩብ ንዳሕሪት ክመልስኩም ፍቀዱለይ። ኣብ 1999 ኣብ ግዜ ወራር ወያነ ኣደይ ሓሚማትኒ (መንግስተስማይት የወርሳ ሒጂ ሓሊፋ እያ) ኣብቲ ተዓቝባቶ ዝነበረት ሆስፒታል

ክርእያ ከድኩ። ከምዝመስለኒ ሕማም ናፍቆት እዩ ነይርዋ። እታ ሞተት ሰቶኾት ክትሕሎ ዝቐነየት ኣደይ ምስ ረኣየትኒ ብድድ ኢላ። መቕርብን በጻሕትን ሓካይምን ገሪምዎም። ለካ ናፍቆት'ውን ናብ ገምገም ሞት የብጽሕ እዩ።

Sana'a Summit: Cooperation or Conspiracy? By: Eritrean Center for Strategic Studies (ECSS)October 28, 2002
http://dehai.org/demarcation-watch/articles/ECSS_Sanaa_axis_of_belligerence.html
Political Analysis
ኣብትሕቲ ዝብል.....
Secondly: the covert agenda .......
ቅንጫብ ካብቲ ብዙሕ ከምዚ ዝብል ይርከቦ
1. Working on the imposition of regional isolation on Eritrea.
2. Supporting dissident and terrorist elements.
3. Conspiring against the government and the people of Eritrea.
4. Seeking to bring down the national Eritrean government and replace it with a puppet government of traitors, to serve the ends of the trio states of the Sana'a Summit.

ኣይፋሉን ዝብሉ ኣይሰኣኑን ይኾኑ ግን ክሳብ ክንደየናይ ተሰቓርቓርን ተተኩሮሉን እዩ። "ኣደየ ወላዲተየ" ድዮም ዝድረፉላ። ዓሻ ከይትብሉኒ እምበር ክሳብ ሕጂ ይናፍቅ። ዓሻስ ምውት ይናፍቕ ዲ'ዮም ዝብሉ፡ እቶም ለባማት። ካልኦት ዝናፍቖም'ውን ኣለውኮ፡ ዘይፍታሕ ግድል እንዳኣሉ'ሞ።

ኣደን ኣቦን ከመይ ዘይናፍቑ? ናብዛ ዓለም ዘምጽኡኒ ንሳቶም። ሓደ ኣቦን ሓንቲ ኣደን ጥርሕ ይህልውኻ። ዝብሉ ተዛረብቲ ሰሚዐ ኣለኹ። ኣምላኽ ተፈቂዱን ክሳብ እቶም ለባማት 'ምጡን ውላድ' ዝሰበኹኻን፡ ሓሙሽተ ወይ 12 ኣሕዋት፡ 10 ወይ ካብኡ ዝበዝሕ ዓዕርኹ፡ በ'ቦን በ'ደን ዝቀርቡኻ ብዙሓት ኣዝማድ፡ ክህልዉኻ ግን ይከኣል እዩ። ኣይትመጥኑ ዝብል ዘለኹ'ዶ ኣየስምዕን? ኣረዳድኣኹም እዩ፡ ዝውስኖ።

ሓንቲ ሃገር ድማ ኣላትካ፡ መድሓንትኻ ዝተቀብረትላ ሃገር። እቶም "ምብላዕ ምብልዑ ዝብኢ ዓድና ይብላዓዮ" ኢሎም ዝሞተ ኣድጊ ተሰኪሞም ናብ ዓዶም ዝወሰድዎ፡ ብኣናን ኣተሓሳስባናን ዕሽነት ኢዩ ዝቑጸር። ንሕና ኢና ለባማት'ዶ'ይኮናን ንብል። እንተኾነ ሬሳና ተሰኪምና ናብታ ዝተወለድናላን ዝበቖልናላን ነብጽሓ። ዘሎናዮ ሃገር እኳ ዳርጋ ልዕሊ 30-40 ዓመት ነቢርናዮን ዜግነት ሕዝናንሲ ናብታ ሃገርና ቁሊሕ ምባል ኣየቋረጽናን። መብዛሕትናኳ ናብራን ምቾትን ረሲዕናዮ ኢና። እቶም ምቀኛታትና ግን ገና ሕልኽልኽ ክንብልዮም ዝደልዩና። እዚ ንኻልእ መዓልቲ።

ከተኩረሉ ዝደለኹ ግን ቁሩብ ተረጋጊእና ከባቢየይ ክድህስስ ጀመርኩ። ሽዑ እየ ነታ ኣብቲ ቅደመይ ኣብ መንደቕ ተሰቒላ ዝነበረት ስእሊ ዘስተውዓልኩላ። ኣታ ስእሊ ማእከላይ ዕደመ ዘለዋ ትመስል ሰበይቲ ኣብ ማእከል ክልተ ቆልዑት?፡ ዝሐዘት ነበረት።

እቶም ብየማነ ጸጋማ ደው ዝበሉ ቆልዑ ምናልባሽ ነናይ ሓሙሽተ  ዓመት ዕድመ ወይ ትሕቲኡ ዘለዎም ይመስሉ። እዛ ስእሊ ማራዶ መሲጣትካ ኢላ ዘበራበረትኒ ጓል ሓትነይ እያ። ንሳውን ወይ ተገዲሳትላ ነይራ ወይ ኩነታተይ ተዓዚባ ክትከውን ነይሩዋ። እወ ኣመና ትምስጥ ስእሊ እኮ  እያ። እቶም ነዚኣ ዝሰኣሉን ዝጨርሑን ግን ሎሚ ይብህርሩ ይህልዉ

መለስኩላ። ሰብ ገበሮ ኢልካ ምግባር መንገዲ ጽድቂ ዘይመርሕ....ኢለ ቁርምር በልኩ።

ንሳ ነቲ ኣብቲ ስእሊ ዝነበረ ዓው ኢላ ኣንበበትላይ። 'ሓንጎለይ' ድኣ ይሃድመኒ እዩ ዘሎ ኣምበር "ምጡን ስድራቤት ንምጡን/ንውጡን መነባብሮ/መጻኢ" ዝመስል ጭርሖን፡ መልእኽትን ኢያ ተመሓለልፍ ነይራ። ካብ ጫፍ ደንከል ክሳብ ጫፍ ባርካ እሞ ሕስብ ኣብልዮ ኢሉ፡ ነቲ መልእኽታ ክትሓስበሉ መራሕክዋ።

እእ ንሕና ኣብኡ የለናን ንስኻ ካኣ ኣርክብካ በለትኒ። ካብ'ዝግስ እኮ መምህር ኢኺ መለስኩላ። ኣደስክልዋ ከይትብሎም ይኽደነኒ በለትኒ። ብምንታይ ዓቅመይ እሞ ኢልና፡ ብዛዕባኣ ምስወዳእና፡ ናይ ምጽሓፍ መሰልካ ዝተሓለወ እዩ። ዘይንዓኻትኩም እዮም ዝሰምዑ ቀለደትለይ።

**ናይ ምድስካል'ዶ ኣዘኪርኩምኒ**

"ታርኽ...ስውኣት ኣይትኽልስዎ ራዓምዎ እምበር" ኢለ ኣብ ዘይዓቕመይ ሓንጢጠስ፡ ሓደ ሊቀሊቃውንቲ፡ ደራስ ጸሓፊ ተመራማርን፡ ጋዜጠኛን ቅልጥ ኣቢሉኒ! ካብቲ ዘውረደለይ ኣደራዕ ኣጸቢቑ ዝዝክራ ካኣ፡ .....መሲሉካ እምበር ተገዳልቲ ጀብሃን ሻዓብያን ብሓባር ኮይኖም ኣንጸር ዲክታተር ይቃለሱ ኣለው፡ ነጊሩኒ። (ቃል ብቃሉ ኣይኮነን) ሎሚ ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት ሕቡእ ጠባዮም በጨቕ ኢልዎም ግዲ ኮይኑ፡ እቲ ከም ኣብነት ዝተነየትሉ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ?ሰላይ? ናይ ህግደፍ ኢሎም ኣደስኪሎሞ?/ ገሊፈሞ?/ ሰጒጎሞ? ንሰምዕ ኣሎና። ንኹሉ ግዜ ኣለዎ)። ጥራሕ ህድእ በሉ።

ሽዑ፡ ነቶም ረሳዕቲ ከዘክሮም፡ ናጽነት ኤርትራ 8 ዓመት ጥርሕ ኢያ ጌራ ነይራ። እሞ ዝኽርታትና ዳርጋ ኣይሃሰሰን ነበረ'ሞ፡ እዋእ ዘይንስኻትኩም ድኣ "ተረፍ ደርጊ" ኢኹም፡ ዘለፍክዋን ጨልገምክዋን። (መቸም ክንጸርፍን ክንዘላለፍን መወዳድርቲ የብልናን። ዕድመ እንተሂቡና እዚውን ክንድህስሶ ኢና) እንተኾነ ሓቅኺ ኢኺ ካብ ምቝርምራም ምዝራብ ይሓይሽ ኢለ ፈከርኩ።

ካብቲ ዝቀነናዮ ናብ ኣስመራ ተመሊስና። ሓደ ንጉሆ ፒሮን ጥራዝን ኣውጺአ በየንን ከመይን ክጅምሮ እናሳለስልኩን እናተዳለኹን፡ ወያ ጓል ሓትነይ ብደገ ጸኒሓ ውሽጢ ገዛ እናኣተወት ደዊልክ'ዶ ነጊርካዮም ኢኻ ሓተተትኒ። ድንግርግር ኢሉኒ፡ ገና ብዛዕባ እንታይ ትዘረብ ከምዘላ ከይትረደኣኒ፡ ነቲ ኣብ ጋዜጣ ሰፊሩ ዝነበረ ትሕዝቶ እቲ ቅድሚ ሳልስቲ ዘይከውን ዝተዘራረብናሉ ኣመልክቱ ዝተጻሕፈ ከንብቦ ሓበረትኒ። ኣዝዩ ገሪሙኒ። ከምቲ "ኣነ" ዝሓስቦ "ንሱ'ውን" ከማይን ዝይዳይን ከምዝሓስብ ደጊመ ተገንዘብኩ።

ዶስ ደቂ ሰባት ብሓስቦም ዋላ ከይተበሃሃሉን ከይተዘራረቡን ዋላ ኣብ በበይኑ ጫፍ ዓለም'ውን ከይተረፈ ኮይኖም ይሰማምዑን ይስምዑን እዮም። ዓበድበድ'ዶ መሲላ? ኣይፋሉን። ብርግጽ ደፊረ ዝብላ ተመሳሳሊ ይሓስቡን ብማዕዶ የዕልሉን እዮም። እሞ ብጀካ'ቶም ገዛርእሶም ዘቀድሙ፡ ውሑዳት ስሱዓት ገዲፍካ፡ "ኣነ" ወይ ንስኻ ጥርይ ዘይኮነስ "ንሱ'ውን" ከምናትካ ልዕለኻን ከምዝሓስብን ከምዝሳቆርቍርን ክትግንዘብ ይግባእ። ኣብ ማዕዶ ኮንካ ጨለ ምምሳል ካብ ጠቕሙ ጉድእቱ ይዛይድ።

ድሕሪ ሕጂ ነቶም ኣንጻር ሓፋሽ ዝቃወሙን፡ ጥሙር ኣረኣእያ ንምብታን፡ "ንሕና ንሱ፡ ንሱ ንሕና" ዘይትፈትው እኳ ንእሸቶይ ኣብነት እያ። ውሑዳት ሃርጓምት ስለዝኾኑን በይኖም ስለዝደልዩን እዚ ጥሙር ኣራእያን ዝተወሃሃደ ሓሳብን ፍጹም'ዩ ዘባህርሮም።

ብርግጽ ሃገር ኣብ ትሕቲ እውጅ ኵናትን እገዳን እንኮላ መዓርን ጸባን ይፍልፍል ኣሎ፡ ኩሉ ጥዒምዎን ርህይዎን'ዩ ዝነብር ዘሎ ክብል ንዝኮነ ዝሕግዝ ኣይመስለንን። ዋላ ተደለኽዎን፡ ባህጊን ትምኒትን ኩላትና ከምኡ'ኳ ይኹንእምበር ርእዩን ገሊእቱ ድማ ፍሩይ ጸገምንሲ ኣሎ። ኣብዚ በቢዝመስለና ክንዕቅኖ እምበር ድሌት ወዲ ሰብ ማለት ልቢ ትዕቅን ተርሞሜተር'ውን ኣይሓዝናን ዘሎና። ገሊኣቶም እቲ ክፉእ ዝብልዎ የስምዑናን የምጽኡልናን። ኩሉ ኮነ ኢልካ ዝግበርዩ ድማ ይብሉና። ገሊእቶም ክኣ እቲ ጸጽብቑን ፈፍርዩን፡ እቲ ዝጎድል ክኣ ኣብ መስርሕ ዘጋጥም እዩ ይብሉና። ሚዛንን ቴርሞሜትርን ንሕና ክንከውን ምተገበኤ።

እቶም ንርእሴኹም ኣብ ጽቡቕ ኮፍ ኢልኩም እናበሉ ዝኸሱ፡ ንስለ ብሓቂ ዝግደስ እንተኾኖም ግን ጌጋ ኣለው። ብኣካል ኣብቲ ስግር ኮይንካ ዘሎ ቃንዛ ይሓስም ካብ ኣብቲ ውሽጡ ኮይንካ ብኣካል ክትዕዘቦ። ንነገራት ብቀረባ ክትገጥሞም ይበልጽ ካብ ብማዕዶን ብእምኒ-ወንጭፍን። ዝወሰድክምዎ ምርጫ ስለዘይወስዱ ክትዝልፍዎምን ክብሮም ክትቅንጥጥዎን ግን መሰል የብልኩምን። እቲ ዲሞክራሲስ ትርጉሙ ይርደኣናዶ ይህሉ?

ነዚ ንምብዳህን፡ መባእታዊ መሰሎም ስለዝኾነን ካኣ'እዮም፡ እቶም ኣመና ብሃገሮም ዝግደሱ ዝገበርኩም ግበሩና እምበር "ንሕና ንሱ፡ ንሱ ንሓና"፡ ይጽበብ ይርሃው ብሓደ ኢና፡ ዝብሉ ዘለዉ። ምኽንያቱ እቶም ምስ ሓፋሽ ዝነበሩ ዝመሰሉና ሓንሳብ ዘይኮነስ ተደጋጋሚ ክጋላበጡ ንዕዘቦም ኣሎና። ሃገር ክዋገይሉ'ውን ንርኢ ኣሎናኮ። ንዓና እምበር ንዓኻትኩም ኣይትምልከተኩምን፡ ኣይሃገርኩምን ኢያ፡ ምባልሲ እንታይ ማለት ዲዩ?

ናታቶም ኣቀሚጦም፡ ሕሉፍ ሓሊፎም ብግዳም ይኹን ብውሽጢ ዝግበር ኩሉ፡ ብፍላይ እቲ ንሳቶም ጌጋታት ኢሎም ዘተዓባብይዎን ወይ ጌጋታት ዝብልዎን ንመንግስቲ ከሰክምዎ ድሕር ዘይብሉ። ሎሚ ክኣ ተቃሊሶም ከውድቕዎ ስለዘይከእሉስ፡ ሓሶት እናመሃዙን ዘራያት ወሲኾምን ኮልል ክብሉ ንርኢ ኣሎና። እቲ ዝበዝሐ ዘላቶ ሒዙ ትም ይብል።

# <u>ዝሓዝካ ሒዝካ ኣርክብ</u>

ሎሚ ትንኣስ ትዕበ፡ ትጸብቕ ትሕመቕ ሕቶ ትመስልን ንዘይዕግበት ትእምትን ሕቶ ወይ ቃል እንተልዒልካ መን ከምዝስልበጠካ ኣይትፈልጥን ኢኻ። መን ኣብ ጥቃኻ ይጸንሕ ኢዩ ዘገድስ። እቶም ሕፍር ዘይብሉ ደረቐኛታት ዝገበሩ ገይሮም ኣብ ናይ ሞራል ግድል ክትእቱ ይደልዩኻ። ገሊእቶምሲ ከምዛ ሓዳስ ዓለባ ማይ ምስተሓጽበት ትጨባበጥ፡ ብሕፍረት ሽምቕቕ ክትብል ዝከኣሎም፡ ዝፈልጥዎን ዘይፈልጥዎን ዓቕሞምን ዘይዓቕሞምን ቃላት የዝንብሉካ። በይነይዶ ዓቢደ? በይንኻ ምዝራብ ትጅምር።

ኣብዚ ቀረባ ዓመታት መጽሓፍ ዝጸሓፉ ሊቃውንትታት እኳ፡ ጸሪፎምናን ዘሊፎምናን ክንሶም ንመጽሓፎም ፈርሙልና ኢልና ዓዲግናዮ። ጸሪፎምናስ ነቲ ጸርፊ ከፊልና ዓዲግናዮ። እቲ ዘገርም እዞም ከምኡ ዝገበሩ ካብ በዓንተብኡ ኣንጻር እንተዝነብሩ እኳ ኣይመጉሃየን። ካድረታትን ውኪላት መንግስትን ዝነበሩ እኮ'ዮም። በይኖም ስለዘይጣዓሞም? ወይስ ሕጂ ተበራቢሮም?

==ኣብቲ መጽሓፍ ኣብ ውሑስ ቦታ ኮፍ ኢልና ደቅና ኣብ ዝበለጸ ዩኒቨርስቲ (ኣብ ከም ሃርቫርድ) እናምሃሩ፡ ምስ መንግስቲ ማለት ምስቲ ዝጠሎሞምን ዲክታተርያዊን ሰርዓት ይውግኑን የጣቕዑን ኢሎም እዮም ዝኸሱ።== ሊቃውንቲን ለባማትን ሰብክራባትን ካድረታትን ይጣቃዓሎም እምበር ኣየጣቕዑን እኮ እዮም። ዋይ ንሕና ንረኽቦ!

በቲ ሓደ ኣንጎሎ ጥወይ ምስበልካ ድማ እቶም "ሰብ ፍትሒ" ሓውካ ኣበይ ኣሎ ኢሎም የዋጥሩኻ?! ዝያዳኻ ንብዓት ከንጥቡ ዓይኖም ይጸምቁ። ንብዓት ድኣ ካበይ ይምጻእ? ከብዲ ለዋህን በቑባቑን እንተኾነ እንንዳእሉ ኣዕንቲ ዝነብዕ። እዚ ድኣ...መልኡለይ ደቀሺ መሉኡለይ። ሓወይ ድኣ ቀደም ኣብ ሳሕል ተሪፉ! ኢልካ ጉንዲ እዝኖም ማሕ ኣብሎም ይመጸካ። ብዘረባ፡ ብመልሓስ ማለት እየ። ብወስታ ማለተይ ኣይኮንኩን።

በተሓሳሰበኦም እቶም ኣብ ባሕሪ ዝጠሓሉ ኣይንታይካን እዮም፡ ዘመድ-ቤተሰብ የብልካን። ንስኻ ስብኣውነት የብልካን፡ ፍጹም ዘይትሓስብን ኣርሜንን ደንቆሮን ኢኻ። ኤረ ሓደሓደ ግዜ ነቲ ንብዓት ጸረር ዘየብል ዓይኖም መንዲል ከዊሎም ዝያዳ ካልእ ግዜ የእውዩ። እንታይኮን ይኸውን እቲ ምስጢር? ከምዚ ዝበለ ሕንፍሽፍሽ ድኣ ርኢና ሰሚዕናን ዘይንፈልጥ። መኣስ?

ነቶም በይኖም ወይ ብጀከኦም ካልእ ዝግደስን ዘስተባህልን ዝሓስብን ዘየለ ዝመስሎም ከኣ እቶም ንጥቕሞምን ጉጅልኦም ዘቐድሙ ውሑዳትን ዝተደናገሩን እንተዘይኮኖም፡ ዜጋታት እዛ ሃገር ብሃገሮምን ህዝቦምን ግዱሳት ኢዮም። ቃልሲ ኣንጻር ፍትሒ ድማ ምሳኹም፡ እንተነይርኩምስ? ወይ ቅድሜኹም ዶ'ይኮኑን ጀሚረሞን፡ ጀሚርናዮን በሎም ይመጸካሞ፡ እንተኾነ ልቢ ኣዕቢኻ ንናይ ሓሶት ንብዓቶም ከትደርዘሎም ምስኦም ኮይንካ ሕሜት ትድርጎሖ።

> **ሕቶ ዓሰብ**
>
> **ክፍኣት ኢትዮጵያውያንን ሽርሕን ጉርሕን መራሕቲ ወያነን ንምርዳእ፡ መለስ ዜናዊ ብዛዕባ ዓሰብ ዝምልከት ዝቀረበሉ ሕቶ ንምርዳእ እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክ ጥወቑ። ንግዜኡ ምእንቲ መንግስቲ ኤርትራ ከይጥቀም እዮም፡ ኣግማል የስትይሉ ዝበሉ እምበር፡ ሕልሞም ክኖ ሎሚን ጽባሕን ከምዝኾነስ ካብ መልሶም ክትግንዘቡ ኢኹም። ሓቁ እዩ ባህልቢ "ወይልኺ ኤርትራ" ዝበለ። ነቶም ዘይትግንዘቡ ዘይትርድኡን እንተሰንበድኩም ሓሲቡ ኢዩ።**
>
> http://www.ethiotube.net/video/37059

እዚ ስርዓት ክብርቓቕ ኣለዎ! እሞ ኢልካ ገለ ክትብል ትደሊ'ሞ እንታይ እሞ ትብል ይህድደካ። ነዚ ርኡይድኣ። እወ.. እወ ሎሚስ ኣብዚሕዎ ትወስኽ ወልደፍደፍ እናበልካ። ካልእ ምባል ድኣ ነውሪ እንድዩ ኮይኑ'ግዲ። እቲ ዝለበመን መስተውዓልን እዩ መፍትሒ

ዝፈጥር። ከይኣመንካ፡ እናተመሳሰልካ ህድማ ይበሃል። ህድማ ምስ ፍርሂ ስለዝቖጸር፡ ድሓን ምንስሓብ ንበሎ። ንሳቶም እንድዮም ለባማት ፈተውቲ ህዝቦምን ስለ ሃገሮምን ተጣበቕቲ ፍትሕን። ጠንቅን ሳዕቤንን ክትንትን ዘፍቅድ ግዜ ኣይኮነን። ንሱስ ንፍላስፋታት እዩ ዝግደፍ።

ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ! ወንጌል ዮውሃንስ ምዕ.1።

መጀመርታ ንሳቶም እቶም ደቀባት ነበሩ። ምድሪ ባዶ ነበር'ሞ ኣብኡ ድማ በቖሉ። ኣቶም ደቀባት ሰብ ኮኑ። ኣብኣቶም ብልሒን፡ መንፋዓትን ትምህርትን፡ ፍልጠትን ልቦናን ነበረ። ኣምላኽ ፈተዎምን ባረኾምን። ኩሉ ግብሮም ባህ ዘብል ነበርሞ፡ ሓሳብን ፍትሕን ጅግንነት ናታቶምን ውህብቶ በይኖም ገበረሎም። መስተውዓልትን ተጣበቕቲ ፍትሕን ድማ ኮኑ። መ.ዓ ምዕራፍ 1 ፍቅዲ 1።

ሓሳብ ንግብሪ ይወልድ፡ ግብሪ ንሓሳብ ይቕድሞ። ከምኡ'ድ'ዩ? ካድረታትና "ኣተሓሳስባ ገንዘብ እዩ" ዝብል ፍልስፍና እዮም ዘብግሱ። ብእምነቶም ገንዘብ ዘየውጽእ ኩሉ ብላሽ እዩ። ሽዑ ንሳቶም ሓሳብ ነበሩ። ከረጋግጸልኩም ዝደሊ ሽዑ ናብ ስልጣን ከነምጽኦም ብጉልበትናን ገንዘብናን ነበረ። ንሕና ከፈልቲ ንሳቶም ተኸፈልቲ። መቑሸሽ'ውን ነበሮ። በዚ ዘለኽምዎ ሃገር ብቋንቋ እንግሊሽ 'ቦነስ' ይብልዎ። እቲ መቑሸሽ ጣቓዒት ይብሃል። ድርብ ገይርኩምን ኣድሚቕኩምን ኣንጨብጭቡልና ኢና ተባህልና። ስለዚ ንሓሳቦምን ንኣኣቶምን ብዘይውዕል ተቀበልናዮምን እቲ ሓሳቦም ከምዝነበሮ ኣጽደቕናዮን። ሎሚ ካኣ ከምድላዮም ክገብሩ ምጥዓም ምስ ሰኣኖም፡ ኣብቲ ዝጥዕሞም ኮይኖም፡ ካብቲ ስልጣን ከነውርዶም ሓግዙና ይብሉና። እውእ እንተኢልካ "ደም ተሓጎም" ይብሉኻ። እቲ ንጣበቀሉ ዝብልዎ ፍትሒ ብዋጋ መሰልካ፡ ንዓኻ ዘይኮነስ ንኣኣቶም እዩ።

ሎሚ ካኣ'ሞ ንመንግስቲ ገንዘብ ዝኸፈለ ክንሕስወሉ ኢና፡ ናብ ኤምባሲታት ክእቱ ዝራእናዮ ከነጋልጾ ኢና ይብሉናን የፈራርሁናን። መስል ምድጋፍ'ወን ተሓሪምካ ኣሎኻ። እዚ ከነጋልጸኩምን፡ ተጋለጹን ኣብ ግዜ ደርጊ ዝበለየ ጩርቂ እኮ ኢዩ። ኣበየናይ ጎዱፍ እዩ ጸንሑዎም ዝገርም እዩ። ሕሰሩ ኢልዎም እምበር እዚውን ዝተፈተነን ዝፈሸለን ጥበብ ድዉያትን "ኣተሓሳስባ" ልሙሳትን እዩ። ንሻለቃ ዳዊት፡ እቲ ነዚ ዝሃንደሰ ኢትዮጵያዊ ደርጊ ካብ ስደት ኣየድሓኖን። ሃገር ኣብ ዋናታት ኣላ። እቶም ዘጋለጹን ዝተጋለጹን ዝሃንደሱን ብሓባር ኣብ ጓሓፍ ታራኽ ተደርብዮም። ነንሕድሕድኩም ኣሕሊፍካ ምሃብሲ ንዮ በልዎ። ዋግኡ ከቢድ ኢዩ።

ገለ ሰባት ትዝክርዎ ትኾኑ፡ ቅድሚ ሕጂ ሓደ ካድር፡ ካድር ጥራይውን ኣይኮነን። ኤረ ንሱስ ብዝነፈስ እዩ ዝእቱ፡ ኩሉዩ ዝኽእል ሊቕ እንድዩ። ሓሳብ ወይ ኣተሓሳስባ እዩ ዝብሎ ንሱ፡ ዋጋ የውጽእ ምኺኑ ኣዘኻኺሩኒ ነይሩ። ማለት ኣተሓሳስባ ብገንዘብ ክትመን ኣለዎ ክብልን፡ እቲ ኣነ ዘንቀልክዎ ሓሳብ ክኣ ናይ ዲክታተራትን ዝተቀድሐን ድግምን ምንባሩን፡ ዋጋ ከምዘየውጽእን፡ ኣነ ክኣ መሳርሒ ዲክታተር ክምዝኾንኩ ዘሊፉኒ እዩ።

ግደፍዎም ይሕሰቡልና። ግን ዘየስተውዓልኩምሎም ከይትኾኑ፡ እንተኾይንሎም እቲ "ሓሳቦም" ዋጋ ክንከፍለሉ እዮም ዝጽበዩ። ዋጋ ብዋግኡ ክቡር ዋጋ። ንትኹል ዘተፋንን። ዝተሰርሐ ዝፍንጥሕ፡ ዝኣመነ ንኽኽሕድ ዝዕድም፡ ዝተሳነዩን ዝተፋቐሩን ኣህዛብ ዝብትን። መዕለቢ ዘይርከቦ።

ርግእ ኢልና ንሕሰብ ደቀሺ! ርግእ ኢልና ንሕሰብ። ንመሰልና ግደፍዶ ብጸርፊን ዘለፋን ብሂወት ዋጋ ከፊልና ኢና። ከይንጽረፍን ከይንዝለፍን ከይንእሰርን ከይንሙቃሕን ኣይንፍራሕ። ኣያታትኩምን ኣቦታትኩምን ንኸምኡ እንተዝፈርሑ እዛ ሕጂ ናተይ ትብልዋ በዚ ዘላቶ መልክዕ ኣይምሃለወትኩምን። ኩሉ ግን ብሕግን ብግህዶን ብምምኽኻርን ምንቕቃፍን ጥራይ ኢዩ፡ ዝዕረ። ካልእ ብላሽን ዕንወትን ኢዩ።

ስልስዚ እቶም ብፍትሒ ምግዳስ ዋኒኖም ጥራሕ ዝመስሎም ከምዘይኮነ ክግንዘቡ ይግባእ። እኳ ድኣ እቶም ጉዳይ ሃገር ናይ በይኖምን ዝያዳ ዝብጽሖምን ዘምስሉን፡ ንይምሰል ብስም ሃገር ዘስተማስሉን፡ ሓቀኛታት ዝመስሉ ተዋሳእቲ ተተበሊጾም ጸግዖም ዝሓዙ እዮም። ትማሊ ምሸት ምሳና ዘለው ክመስሉና ነይሮምሲ፡ ሎሚ ንጉሆ ጸግዒ ቀይሮምን ሃስስ ኢልካ ናብዘይ ተርክበሎም ተዓዚሮምን ክጸንሑ ልሙዱ ኮይኑ፡ ንርእዮ ዘሎና ትዕዝቢቲ ኢዩ።

እቲ ዝቐለለ ዝፈኾሰን መንገዲ እናተደጋገፍካን እንዳተመላላእካን እዩ። ዝሓዝካ ሒዝካ ኣርክብ'ዩ፡ ግዜኡ ዝብሉውን ኣለዉን'ዶ እዚኦምውን '91 ዘኽተመ ጭርሖ'ዩሞ፡ ዳግመ ርእይቶ ግበሩ እንተበልክዎም ካብኦም ዝጨለኹ ከይመስሎምን ብኡ ከይከሱንን ይምሕጸኖም። ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ክግንዘቡን ከመዛዝኑን ከተኣሳስርዎን ይግባእ። ነየንኡ ክንሰዕብ'ዮም ዝደልዩና ዘለው? ነቲ ኣካይዳ ኣባጎብየ'ዶስ ወይ ነቲ ብዘብዘብ ክብጻሕ ዝደልይዎ?

ዝሓዝካ ሒዝካ ኣርክብ/ዘብዘብ! ንሱ ነቲ ትንፋስ ዘይህብ ኩነታትን ንፍሉይ መድረኽን ኣስሪሑ እዩ። ኣብ ህንጸት ሃገር ዘርጠብጥብ እናበልካ ዝደኸመን ዘየርከበን ባዕሉ እፈልጥ ዝዓይነቱ ጉዕዞ ዘይምዑሩይ ኩነት ምፍጣር እዩ። እቲ ዝሐየለን፡ እቲ ዓማጽን፡ እቲ ሃርጓምን ዝነብረላ ዓለም ምጥጣሕ ከስምዕ እዩ። ጽቡቕ ጌርኩም ተስተባህሉ እንተለኹም ክኣ፡ እቲ ኣብ ባይታ ዝኸውን ዘሎ ነዚ ጭርሖኹምን ፍልስፍናኹምን ዝጻረር እዩ። ተስፋይ ንሱ እዩ። እዚ እንተዝይኮይኑ ግን ሽዑ ክልቲኡ እእዳውካ ንድሕሪት ኣጣሚርካ ኤይአይ/ኣውያት ኢዩ። ተጋግየ'ድየ ደቀሺ?

ሳዓቡ ወይ ኣርክቡ እንተበልክኹም ጸርፊ ከይመስልሲ ተሓወስዎም ከይገደፍኹም ክብል ይቐለኒ። ሳዓቡ ወይ ኣርክቡ ምባል ካኣ ምስቲ ዝሓዝካሒዝካ ኣርክብ ምስምማዕ ስለዝኾነ ናብቲ ትደልዮ ዘርጠብጠብ እናበልካ ምብጻሕ እዩ ዘስምዕ። ህንጸት ሃገር ብትምኒትን ጭረሖን ዘይኮነስ፡ ብውህደትን ማዕርነት ጸጋ ሃገርን ዕድላትን ብማዕረ ብምክፋልን ምምቕራሕን ብስራሕን እዩ፡ ዝብጻሕ። ካብዚ ወጻኢ ደርቢ ምፍጣር እዩ። ከምኡ እንተኾይኑ ዝተዓሸናን ዝተገራህናን ክንበዝሕ ኢና። እቶም ኣንጊህና ዝተሓደግና ድማ ጣዕስኡ ዘይጽወር ክኾነና እዩ። "ወይኣነ ግዲሽእ" 'ዶ ኮይኑ ነገሩ። ንተዓዘዘብ ኢና ዘሎና።

ዝተጋገኹ ዝመስሎም እንተለው፡ ዘይሰማዕክምዎ ኣስጊልኩም ነይርኩም ወይ ረሲዕክምዎ እምበር እቲ ሕልሚን ባህግን፡ ኣብ ዓራግን ኣብ ኣስመራ ዘሎው ቆልዑት ብሓደ ክሓስቡን ክስጉሙን እዩ። እዚ'ውን ኣቀድም ኣቢልኩም ተነጊርኩም ኢኹም። ሎሚ ከምዘይሰማዕኩም "ተጠሊምና" ምባልኩም ዘይንፈልጦ ዝተወዓዓልክምዎ ውዕል እንተሎ ከተነጽሩልናን ክትሕብሩናን ክንጽበ ኢና። እንተ ንሕና ግን ደርባዊ ጠባያትና ኣቐድም ኣቢልኩም ስለዝመንጠልኩምናስ፡ ሓቂ መሲሉና ነቲ ኣባ ጐብየ ኣብቲ ዝብጻሕ ክሳብ ዝበጽሕ፡ ደድሕሪኡ ሰለይ ክንብል ተሰማሚዕና ኢና ነይርና።

ከምዝመስለኒ ገና ደድሕሪኡ ኣሎናን። እቲ ብእምነትን ብደምን እምበር ብቀለም ዘይተፈረመ ውዕልና ኣይፈረስን ኢልና ድማ ንኣምን። ብሕጂ ዝመጽእ ድማ ዘገም ኢልና ንጽበዮን ንዕዘቦን ንገጥሞን።

እቶም ሊቀሊቃውንቲ ግን ነኣእዛኖም ግዲ ኮርኩሕዎም ከምዘይሰምዑ ንምምሳል ደጋጊሞም "እንታይ ኢና ንገብር ዘሎና ናበይ ግጽና ኢና? ክሳብ መኣስ'ዩ ከምዝል'ና? ከምዚን በዚ ንኸዶን ዘሎና ድኣ መኣስ ክንበጽሖ! መን'ዩ ከርክበሉ? እቲ ፍረ መን'ዩ ክበልዖ?" ይብሉ። እቲ ስክፍታታቶም ሓቅኛ ልባዊን እንተዝኸውን፡ ኣነውን ሓቃቶም እዮም ዝተማህርዎ ከየተግበርዎ ብተክኖሎጂ ክትክእ ማለት እኮ እዩ ምበልኩ። ትጽቢት ድራርሲ የእርግ'ዶ ኣይተባህለን።

ከም ዝመስለኒን፡ ጌጋ ይኽልኣለይ እምበር፡ ነዚ ካኣ እዩ 'ክንወሓሓጥ' ወይ ክንረዳዳእ ኣጸጊሙና ዘሎ። ይትረፍ'ዶ እቶም ኣብ ዓዲ ዝጸንሑስ ኣብዘሓኦም ካብቶም ወፊሮም ዝተመልሱውን "ተጠሊምና" ክብሉን ክሓምዩን ዝውዕሉ። መን'ዩ ጠሊሙ? ንመን'ዩ ጠሊሙ? እንታይ እዩ ጠሊሙ? ገና ኣይተነገርናን ኣሎና።

ብጀካ'ቲ ዘዝመስለካን ከምዝጥዕመካን ወግዓዊ መግለጺ ኣይረኸብናን። እዚ'ውን ተንኮል እዩ። እቶም ቅድሚ ሰቦም ዝጠለሙ ሎሚ ሓቂ ከምስሉ ንዑ ተጠልምና ኢና'ሞ ሓጉዙና ይብሉና። ኣይፋልናን እባድኣ! ፈራዶ እንተዝርከቡ መጀመርያ ንዓኹም ምኸሰስና። ሽዑ ወይ ገባሪ ኩን ወይ ዝገበረ ኣምጽእ ወይ ዝለኣኸኩም ኣምጽኡ ኢልና ጢውጥው ምስ ኣበልናኩም እቲ ሓቂ ከም ጽሓይ ቀትሪ በጣዕጣዕ ምበለ። ኣበይሞ?

ምኽንያት እዚ ኩሉ ኮለል ክኣ ተሰኪመሞ ዝኣተው ሓደራ ኣስመራ ምስ በጽሑ ምስቶም ኣብ ገዛ ዝጸንሕዎም ብምውድዳር ክትምንዎ መሪጾም። እቲ ዝሓለፈ ድኻሞም ብቅልጡፍ ሃብቲ ክኽሕስዎ ደልዮም። ሕልሞምን ኣብ ባይታ ዝነበረ ኩነታት ግን ነቲ ሕልሞም ዝፈትሕን ዘግህድን ኣይኮነሎምን። ሽዑ ንሳቶም ቀዲሞም "ጠሊሞም" ክንሶምሲ ግርምቢጥ ተጠሊምና ክብሉ የእውዩ።

እቶም ኣብ ገዛ ዝጸንሑ ድማ እቲ "ኣዝማሪኖኣዊ" ጠባያቶም ስለዘይሰረዝዎ ብጀካ ኣስመራ ካልእ ብላሽ ኮይኑ እዩ፡ ዝመስሎምን ዝስመዕምን። ብተወሳኺ ነቲ ሕማቕ ግዜ ክሓልፉ ብዙሕ ዘነውር ልምድታት ወሪሶምን ለሚዶምን ጸኒሖም። ነቶም ወፋሮ ክውሕጥዎምን ክብርዝዎምን ኩሉ ዝከኣሎም ንምግባር ተጉይዮም። ኩሉ ንጽቡቕ እናምሰሉ ዳርጋ ብዙሓት

"ኣጣላቕዮም'ሲ" ዳሓር ብቐትሪ ምስ ሰቦም "ዘይ ንባዕሎም ኢዮም ተጋዲሎም፡ ወይልኣ ኣደ ዝተረፉ እምበር፡ ንሳቶም ድኣ ከምሎሚ'ኳ ኣይጠዓሞምን" ክብሉን ንሕሜቶም ዘገማድሕሎም ክዓስቡን ከብዝሑን ግዜ ኣይወሰደሎምን።

እቶም ብደገ ወይ ብበረኻ ዝኣተዉ ወይ ዝመጹ ዋላ'ኳ ኣብ መጀመርያ 'ፍሉያት ፍጥረት መሲልዎም' ፍልይፍልይ ክብሉ እንተፈተኑ ንምሽቱስ ኣቶም ዝበዝሑ ወይ ዳርጋ ኩሎም ተዋሒጥም እዮም ዝተረፉ። ስለዝኾነ ወፊሮም ዝተመልስሉ ኣቲ ጉዕዞ ምስ ምንዋሕ ግዜ ክርስዕዎ ጀሚሮምሲ ከም ህዝቦም ኣብ ዱካ ኮፍ ኢሎም "ናበይ ኢዩ ዝወስደና ዘሎ" ክብሉ ተሰሚዕም።

እቲ ነቀፌታን ነብሰነቀፌታን ተረሲዑስ ናብ ሕሜት ተሸሚሞም። መታን ክንኣምኖም ነቀፌታ ናብ ገሃንም እዩ ዘእቱ ይብሉና። እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተገልጸ ጋሃነም ዘይኮነስ ኣብዛ ዓለምና ተገይሩን ተራእዩን ዘይፈልጥ። ብህግደፍ ዝተሃንደስን ዝተመሰረሐን ምኳኑ ይሕብሩና። እዝግዮዮዮ ሰውረና፡ ካብሰሩ መዓቱ ኣውጽእና። ኣብ ኢዶም ኣይተውድቐና። ብማዕዶ እኮ ኣጃጅዮምና። ብእንጻሩ ሕሜታን ቤላቤልውን ግን ናብ ጽድቕ ይመርሕ ይጣበቑ። እቲ ናይ ርሑቁን ቀረባን ዕማም ተረሲዑ እኮ እዩ። ንሕና ገና ብገርህናን፡ ብታሕጓስን ሕንቕንቕቶን ናፍቖትን ተስፋን ተዋሒጥና እንኮሎና ሓቂ ከምስሉ "ሒማኻ ርኤያ..ወድኻ ይመስል ንዓኻ" ዘዪሞም፡ ካላኣይ እግሪ ንንግደት ከይተመልሱ ኩሉ ተረሲዑ።

እቲ ውላዱ፡ ሓደ ሓድጊ፡ ነቲ ሕድሪ ሂቡና ዝብልዎ፡ ወላዲኡን፡ ካብቲ ዝነበሮ ድኽነትን ጸልማትን ናይ ምንጋፍ ሓላፍነት ቀዳምነት ዝምልከት ንኣኣቶም ምንባሩ፡ ብዝወሓደ ክኣ ናይ ኩሉ ዕማም ምኻኑ ዘንጊዕም ጥራይ ዘይኮነስ ንሳቶምን መንግስቲን በበይኖም መሲሎም። ከይቀነዩ ነቲ መንግስቲ ክምጅርጥዎ ነቂሎም።

ናተይ ቃል ኣይኮነንን። ነቲ ከይሳዕረረ ዝብል ናይ ህዝብን ፖሊስን እንዶ ዘክሩ። ሓዲኣ'ላ ዲያ ዝበለት ሄለን። ለዘመን ንሓዲኣ ኢያ። ኤእ ጥዒሙካ እንከሎ ንጽጉማት ከይትርኢ የዕንትኻ ኣዕዊርካ፡ ኣእዳውካ ኣብ ጁባኻ ከቲትካ ስማይሰማይ ክትጥምት፡ በይንኻ ክትምጅርጥ ነቀደም በሉ ዘይበልካስ፡ ሕጂ ምጥዓም ስለዝሰእነካ ንዑ ንስኻትኩምውን ኣይጠዓመኩምን ክትብል ልቦና ዘይኮነስ ክሳብ ክንደየናይ ከምትንዕቀና ኢና ኣስተውዒልናልካን ተገንዚብናን ዘሎና።

ስለዚ ዘይምዕሩይ ናብራ እንታይ ምኻኑ ምግንዛብ ነቶም ሊቃውንቲ ዝግደፍ ፍሉይ ፍልጠት እኮ ኣይኮነን። ነቶም ኣብ ደገ ዘሎና እዚ ዘዘለኽምዎ ሃገራት እኮ እዩ። ሃብቲ ሃገር ብ4% ናይቲ ህዝቢ ኢዩ ዝውነን ክብሉና ንሰምዕ ኣሎና።


እቲ ዝበዝሕ ህዝቢ ኣብ ምሕርት እዞም ውሑዳት 'መጠነ-እልቢ' ሃብታማት እዩ ዝምርኮስ ማለት'ዶ ኣይኮነን። ኣብቲ እግሪ ኣስካለ ኮፍ ኢልካ ነቲ ዘይምልከተካ ብልጭልጭ ዝወነንካዮ ዝመስለካ እንተልዩ ብርግጽ ተደናጋሪካ ኣሎኻ። ብዝወሓደ ሓደ ዶናልድ ትራምፕ ዝመስል ኣንጺሉ ናብቲ መሬትካ ክድርብየካ ዝድርኽ ተኽእሎታት ከምዘሎ'ኳ ክትግንዘብ ይግባእ። ተረዳዲእና'ዶ ደቀሺ! ታሪኽ ኣይድገምንዩ ዝብል፡ ታርኽ ምኽሓድ ኢዩ።

# መተካእታ ኣሎና'ዶ?

ስለዚ ብዛዕባ ዘሓለፉ ክንዘረብ እንከሎና፡ መንን ኣበይን ዝነበሮ ክብርን ብዘየገድስ መጀመርያ ንደቆም ነንስድርኦምን መቕርቦምን ብፍላይ፡ ብሓፈሽኡ ነቲ ማሕበረኮሞም ጎድለሞም። ናይ ገለ ድማ እቲ መዓቀኒ ካብቲ ብውልቂ ይዛይድ። እቲ ሒዘሞ ዝጸንሑ ሰራሕ ብኸምኡ ከትርእዮም ስለዘኽእል።

እቶም ሊቀሊቃውንቲን ለባማትናን ኣብዚ ዘመን ኣምጸኦ፡ በዚ መራኽቢ ብዙሃን ኣቢሎም፡ ቁሩብ ጽንሕ ኢልና ዝመርሓናን ዝኣልየናን ዘይብልና፡ ክንዓውር ኢና፡ ክብሉ ኣጽሚሞናን ኢዮም። ጸኒትና፡ ተካኢ ዘይብልና፡ ናበይ ገጽና ኢና ንኸይድ ዘሎና፡ ናይ መዓልታዊ ዘረባ ኢዩ ኮይኑ ጸኒሑን ዘሎን።

ብዛዕባ መንግስቲ ክዛረቡ ጽኒሖምን፡ ጥርዓኖም መንግስቲ ፍታሕ ክግብረሉ ክጠልቡ ከምዘይጸንሑ፡ ክልተ ሕጡብ ወሪዶም ነቲ ዝበልዎ ረሲዕም መንግስቲ ኣሎና'ዶ? ኢሎም ይሓቱና።



እዛ ስእሊ'ሞ ራእይዋ። ፎቶሾፕ ሓሊፍዋ ከይትብሉ እምበር፡ መደንገጽ እያ። እዚስ ዲክታተር ይመስል? እዚ ዘለዎ ቦታስ መንበሪ ዲክታተራት ይመስል። ከምስል እዩ 'ዶ'ኢኹም ክትብሉና። ካብ መን ፈሪሁ? ዲክታተር ድኣ ይፈርህን የምስልን ይመሳሰልን ድዩ?

ናተይ ኣይኮነትን!

እንድዒ ንስኻትኩም ትብልዎ ዘለኹም እምበር ንሕናሞ መንግስት ኣሎና ንብል። መንግስቲ ብመንግስቱ እኳ ከብዲ መራሕቲ ዓለም ሕቡጭቡጭ ዘብል ምኾነ መልስና። ግን ዝሓተትዎ ሕቶ ክንምልስ እውን'ኮ ዕድል ኣይህቡናን እዮም። ራባዓይቲ ሕጡብ ወርድ ኢሎም፡ ለበዎ ንመንግስት ድማ ይብሉ!

ከመይ ዝበለ ግርምቢጥ ግዜ ኢና ዘሎና። ኣርሚሙና ትም ኢልና ንዕዘብ። ኩሉ ዝብልዎ ዘለዉን ቋንቆኦምን ምስተገንዘብካ፡ እዋእ ኣብዚኣ'ሞ መንግስቲ እንትዘይነይሩና ድኣ ብዛዕባ መተካእታ ካብ ንዛረብሲ፡ ፈለማ ብዛዕባ መንግስቲ ክህልወና ወይ ከመይ መንግስቲ ከምንተክል ዘይንላዘብን ዘይንዘረብን በሎም ይመጽካሞ፡ መታን ከይጸርፉኻን ከይዝልፉኻን ሰሚዕካ ትም ክትብል ትመርጽ። ኣቀዲሞም ክድህሉን ክዝልፉን ስለዝተዓዘብካ ብራዕዲ ክምትወሓጥን ገይሮሙኻ እኮ'ዮም።

እዞም ንፍትሒ ዝጣበቑ፡ ገና ኣብቲ ስልጣን ከይይበጽሑ፡ ደጋፊ መንግስቲ ስለዝኾንካን ካብኣቶም ፍሉይ ስለዝኾንካን እቲ ፍትሒ መንጢሎምኻ እዮም። ዕድል ምስረኸቡ ዕጫኻን ፍርድኻ ተወዲኡ እዩ። እቶም ምስኦም ዘየለኹምን ዘይሰመርኩምን ጉድጓድኩም ፍሒርኩም ተዳለው ደቀሺ!

ንጉስ ሃይለስላሴ ምስ ወረደ ምስ መሰራሕቱ ዝነበሩ ሰበ-ስልጣን ብ60ሶኦም እኮ ተረሺኖም እዮም። ኣበሰኦም ናይ ሓደ ስርዓት ኣገልገልቲን ሳዓብትን ደገፍትን ስለዝነበሩ። ፈረዲ ድማ እቶም ናይ ሕጊ ሊቃውንቲ። እቶም ለባማትንን፡ ምሁራትን፡ ሰብ ካራባትን፡ እቶም ሰብ ዶላራትን፡ ዝወድእዎ ነገር ድኣ ንሕና እቶም ብሃማትን፡ ገባሮን ፋራታትን፡ መን ዕድል ምስሃበና ክንምልስን ተማጉትና ከንረትዕን። ተዓኒድካ ምጽባ'ዩ፡ እምበር!

ብዝኮነ ሕጂ'ውን ደጊመ ዝብሎ ሊቀሊቃውንቲን፡ ምሁራትን፡ ምኩራትን፡ ለባማትን፡ ዓበይትን፡ ኣቕሽሽትን፡ መራሕትን ዝብልዎ ክንሰምዕ ባህልና ይእዝዘና ኢዩ። ንሃብታማት ተሲእና ኮፍ ከነብሎም ድማ ይእዝዘና። ኣብዚ'ለካ ወግዒ!  ነቦታትኩም እንዶ ሕተቱ። እዚኣቶም ኩሉ ዝብልዎ ከየኾምሳዕና ክንውሕጦ ይደልዩናን ይጽበዩናን። ቅንይ ኢልካ ግን ካብ ምህሮስ ኣእምሮ ዝብሉ ለባማት መሳሎ ክኣ ትሰምዕ'ሞ ድንግርግር ይብለካ። ዝጋገ እንተለኹ ክእረም ድልዊ ኣለኹ። ከም ዝመስለኒ መላሲ ዘይብለይ ጠፊኤ እየ ዘለኹ!

ግደ ሓቂ ግን ብጆካ'ቲ ንኽገልግሉና ኢልና ንድርድሮ ቃላት ንወገን ገዲፍካ፡ ዓለም እቶም ኣየ ዘብሉ ዝነበሩ ምስ ሓለፉ ካብ ንቡር ዑዶታ ደው ኢላ ኣይትፈልጥን እያ። ደቂ ሰባትውን ንግዜኡ ድንግርግር ዝብሎም እኳ ዝመስል እንተኾነ ካብቲ ንቡር ሂወቶም ምምራሕ ሓርቢትዎም ደው ኢሎምን ዕግሽግሽ ክብሉን ሰሚዕናን ርኢናን ኣይንፈልጥን ኢና።

ዋላ'ኳ ከምቲ ዝፈልጥዎን ዝለመድዎን ኣይክኸውንን ይኽእል እንድዩ፡ ግና እናተተኻኽኡን እናተወራረሱን ይቕጽሉ። በቲ ምሕረቱ ካብ ዝእዝዘልና፡ ንፈልጦ፡ እነሆ እኳ ልዕሊ 2000 ዓመታት ኮይኑ፡፡ ሰባት ክሕሉፍ እምበር ክምለሱ ጌና ኣይረኣናን ዘሎና። ናብራ ደቂ ሰባት ከኣ ዝቕልሶ ስኢኑ ደው ኢሉ ኣይፈልጥን። እኳድኣ እንተስ ብሓሙሻይ እንተስ ብሻዱሻይ ማርሻ ይሕምበብ። ስለዚ ስለምንታይን እንታይ ንምርካብን ድኣ'እዮም ወግሓጽብሓ ዘፈራርሑና ዘለዉ? ዶስ ብልቦምን ብምስጥሪን ዝእመንሉ ሓቂ ከግህድዎ የሰክፎም እዩ።

ሰብ ክንስና፡ ሰባት ምስራሕ ንፈቱ ኢና! ኣቤት! ብፍላይ ክንፈቱ እንኮለና መላስን ከልካልን የብልናን። ፍሉይ ኮፍ መበሊ፡ ፍሉይ ዝብላዕ፡ ዘዝሓፈሰን ዝጠዓመን፡ ፍሉይ መቃብር፡ ድሕሪ ሞት ሓወልቲ። ኣይገርመኩምን? እቲ መቃብር ሓርበኛታት መልኡ ክፈስስ እዩ። ካልእ ቦታስ ኣበይኮን ይህልወና?

ኣብዛ ዘለኽዋ ኮይነ፡ ሰለስተ ክፍለ-ዓለማት ኣቛሪጻ ምስ ስድራይ ክራኸብ ዝመሃዘ ሰብ መን እዩ? ኢልኩም እንተትሓቱን ኣይምመለስክዎን። ብዛዕባ'ቲ ኩዕሶ ቀሊዑ ዘሃብተመ መሲ ወይ ረናልዶ እንተትሓቱ ግን ካብ ቁመቱ ክሳብ ደመዙ፡ ዓቐን ጫምኡን ክንደይ ጎል ኣመዝጊቡን፡ ብጫዲዩ ቀይሕ ዝሓርእ ክነግሩና ዝኽእሉ ኣለው።

ኩዕሶ ዓለምለኻዊ ቛንቛ እዩ፡ ይንገረና። ስለዝኾነ ገንዘብ ከፊልካ ኣብቲ ቁሪን ቀዝሕን ምስ ደቕኻ ዓንገረር ትብል። መእተዊ ትኬት፡ ንምጎዓዝያ፡ ንምግቢ፡ ውጻኢታት ኣሎካ። ንመስተ እሞኸኣ ዝያዳ ተውጽእ። ክትረስን እኮ የድልየካ ኢዩ። ጋንታኻ እንተተሳዒራ ወይ ትበሳጮ ወይ ትጋጮ። እንታይ'ኮን ይኸውን እቲ ምስጢር። መን'ዩኸ ዝረብሕ?

እዋእ ፍሉጣትን ብሉጻትን ስለዝኾኑ፡ ክንግደሰሎም ግቡእ እዩ ይብሉና። ኣብ ዓይኒ ብዙሓት፡

ናይ ብዙሓት ኮይኖም ሰለዘለውን ስለዝጸንሑ። ወይ ስለ ዝነበሩ። እንተስ ኣብ ስነጥበብ፡ ፖለቲካ ስፖርቲ፡ እንተስ ብሞየኦም ወዘተ ነቲ ህዝብ ዘገልግሉን፡ ናይ ህዝብን ይነብሩ። እቲ ምግልጋል ደረጃታት ይህልዋ። ኣብቲ ድረጃታት ወይ ኣስካላ ከከም ኩነታቱ መን እንታይ ገይሩ ክንግደሰሉ ግደን ይኸውን። ተጎስጉስና ኢና እኮ። ብኸምኡ ዝነብሩ ሰብ ሞያ እኮ ኣለዉና። እንታይ እና ንብሎም?

በዚ መንጸር ነቶም ምእንቲ ሃገር ከየዕረፉ ዝሓለፉ ዝያዳ ንኾርዓሎምን ንሕበነሎም። ከመይሲ እቲ 'ብዘልማድ' ዝሃብናዮም ሓደራ ብቅንዕና ከተግብርዎ ክጽዕሩን ክሃልኩን ስለንርእዮም። ኩሎም ግን ክሳራና ስለዝኾኑ ናብቲ መዕረፊ ናይ ኩላትና ንዝሓለፉ ኣብ መንግስተስማዩ ክቅበሎም፡ ነቶም ዘሎና ፍቕርን ስኒትን ክሓድጉልና ንምህለል።

ብዛዕባ ኣቦይ ሽኽ ዞባ ደቡብ ክዛረብ ግን ኣፍቁዱላይ። ኣብ መንግስተ ሰማያቱ ይቀበሎም፡ ዝያዳ ስለዝኾኑ ስለዘይኮነስ ኣብቲ ፕ. ኢስይያስ ናብ ዞባ ዶቡብ ዑድት ዝግበረሉ ዓመት ሳሓቢን መሃርን ዝኾነ መልእኽቲ ብውሕለነትን ጥበብን ከሕልፉ ስለዝተዓዘብና። ነቶም ከምዚከማይ ኳሕ ዝለመድና ካብኦም ንመሃሮ ብዙሕ ኢዩ።

እዞም ኣብ ክሊ ናተይ ዕደመ ዘሎና ከምቲ ናቶም ኣቀራርባ ከነቅርብ ዘይተዓደልና። ብጀካ ምዝንጣልን ምምንጣል ምንዕዓቕን ከመይኣቢልና ከምቲ ናቶም ጽቡቕ ክንክእሎ። ከምዚ ኢሉ ምጀመረ። ብጻይ ኣቶ ፕ.ኢሳያስ ኣብዚኣ ርእይቶ ሕቶ ምስጋና ነቀፌታ ሓሳባት ለበዋ ኣሎኒ። ኣብ ሕቶ ኢና ዘሎና። ድሓን ካብ ትኾልፈኒ ስምዓኒ'ሞ ድሓር እንታይ ይብል ከምዘለኹ ባዕልኻ ትውስን ኢልና ምጀመርና። ከምዚ ዝቅጽል ገርና ድማ መቅረብናዮ።

መንገዲ ብውሕጂ ድዋዕዋዕ ኢሉ ተፋሕጒጉ ሓቛቑና ወዲኡና። ሓራሳት ሓፍዞቕ ከፊእወን፡ ዳርጋ መብዛሕተአን ኣብ መንገዲ ኢየን ዝሓርሳ ዘለዋ። ቅድሚ ሕጂ መጺእካሉ ኣብዝነበረካ መብጸዓ ኣቲኹምልና ነይርኩም ጠሊምኩምና። እንሆ'ኳ ክልተ ዓመት ኣቑጺሩ። ነቶም ኣካየድቲ ኢልኩም ዝሾምኩሞም ተዘሪብና ርብሪብና። ሎሚ ኩቡር ኣቶ ፕረሲደንት እንኳዕ ዓይኒንዓይኒ ኣራኸበና ነዚኣ ከይፈታሕካ ከይትኸይድ ንላቦ። መሸጎር ገይርካ ግጥም ርግጥ።

እቶም ወራዙት ኣብቲ ወርጃ ግዜ ዝበቖሉ ግን ንዘረባ ከመይ ገይሮም ፈትፊቶምን ፈቲሎምን ብውሕሉል ኣጋባብ ብዘይምርጻምን፡ ንተጻብኦን ምዕንቃጽን ዘይዕድምን፡ ገይሮም ከምዘቕርብዎ፡ ተማሂርና ንኸውን። እቲ መልእኽቶም ኣብ መስከረም ተለጢፉ ስለዝወረሐን ኣብ ፈይስቡክውን ከምኡ፡ ሰሚዕናዮ ንኸውን። ነቶም ዘይሰማዕኩሞ ክትስምዕዎ ይዕድም።

ኣዞም ክቡር ኣቦ ነቲ ቀንዲ መልእኽቶም ነቶም ክቡራት መራሕቲ ከይኩርኮሖምን ከየሸግሮምን ኣምሲሎም ኣቕሪበሞ። ንሳቶም ድኣ ምናልባሽ'ውን በቲ መገዲ ንካልኣይ ግዜ ኣይተመልስዎን'ውን ይኾኑ። ልዕሊ ኩሉ እቲ መራሕ ሃገር ብዓይኑ ርእይዎ ንዝሓለፍ ከይስሕቶ'ዶ ይመስለኩም።

እንተኾነ ከም ዓቢ ዓዲ፡ ዋላ ከም ሽማግለ፡ ወይ ነቲ ኣብ ዓዲ ዝተረፈ ወኪሉ ዝለኣኹም፡ ከም ተቀባል ጋሻ ማለት ናብ ከባቢኦም ዝገሸ መራሒ ከም መራሕ ሃገር ዘይኮነስ ከም ፍሉይ ጋሻ፡ ከም ናብ ቤቶም ዝመጸ፡ ብዝመስል እዮም መልእኽቶም ኣሕሊፎም። ኣየ ውርዝና።

ከምቲ ወራዙት ኣዴታት ዝቕረብ ምስ ቀረባ "ክንደየናይ እኳ ኮይኑ ግን ዓድኹም የብጸሓኩም'ዩ" ዝብለኦ ዓይነት ደቐሺ።

እሞ ነቲ መልእኽቲ ነስተማቕሮ'ሞ ኣብ ዝመጽእ መታን ካብናቶም ንበልጽ ክንከውን። እዚኣ ነቶም ላህመት ሃገር ኣይትምልከትን ኢያ። ሊቀ ሊቃውንቲ'ሞ እንታይከ ጎደሎ ኣለዎም። ናታቶም ኣኻልን ምስ ተረፉን እዩ፡ ምሉኡን ፈሲሱን እኳ። ዘይ ዕድል ስኢኖም እዮም እምበር ከመይ ድዮም? ንሳቶምሲ ደቂሶም ይሕደሩ።

........ይቅጽል

መኮነን ዓንተራይ

ዓውት ንሓፋሽ